# ግጥሚ ንዝኽሪ ስዉእ ብጻይ ኢዮብ ብስራት

ኣብ ፈስቲቫል ካስል ናይ 2010

ብኣበባ ዮውሃንስ።

ኣበይ ኣበለ
ኢዮብ ኣበይ ኣበለ
እዚ በሪኽ እንባ ብማዕዶ ዝልለ
ኣበይ ኣበለ ብጻይ ኣበይ ኣበለ
ገዲም ተጋዳለይ ኣበይ ኣበለ።

ቁሊሕ ኢሉ ኢዮብ ቁሊሕ ኢሉ
ኣብ ናይ መድረ ቦታ ቁሊሕ ኢሉ
ኣብ መዛናግዒ ቦታ ቁሊሕ ኢሉ
ሕጂ ኣረጋጊጸ ብሓቂ ከም ዘየለ
ሕጂ ኣረጋጊጸ ኢዮባይ ከም ተፈለ።

ኣንታ ደላይ ነጻነት
ደላይ ዲሞክራሲ
ተቓሊሱ ዘቃለሰ
መን ክድቅስ ከማኻ ኣሕሊፉ
ዲክታቶር ክይጠፍአ ፍጹም ሓደ ኣፉ።

ሓርነት ዝሰፈና ኤርትራ
ብምልእታ ክስብ እንገብራ
ኣብ ነብሲ ወከፍና ኣሎ
ዝሃብካና ሓደራ።

ኢዮብ ቅሰን
ቅሰን ኣጆኻ
ብሓባር ኩልና ብጾትካ
ምስ ስድራኻ
ዝጀመርካዮ ቃልሲ
ክንዛዝሞ ኢና
ንስኻ'ውን ብመንፈስ ኣሎኻ ምሳና።

ክሊኢት እውን
ከንቱ ክይነሕልፋ
እቲ ጽቡቕ ትምኒትካ
ዝሃበና ተስፋ

ንሱ ድማ፡-
ዲሞክራሲ
ሃገራዊ ዋዕላ
ኣወንታዊ ኢዩ
ንቅድሚት ሓደ ዝላ።

እቲ ጸላም ለይቲ ክቕየር ናብ ብርሃን
ሕልምታት ህዝብና ጋህዲ ንኽኸውን
ምኢቲ ኣብ ልዕሊ ምኢቲ ዋዕላ ይከናወን
ምኢቲ ኣብ ልዕሊ ምኢቲ ዋዕላ ይከናወን
ምኢቲ ኣብ ልዕሊ ምኢቲ ምስምማዕ ይስፈን
ምኢቲ ኣብ ልዕሊ ምኢቲ ስምረት ይኹን።

ክብርን ዝኽርን ንኹሎም ስዉኣትና
ብኣበባ ዮውሃን